ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

ዜና

# ጂቡቲ ምስ ኤርትራ ኣብ ዅናት ምህላዋ ሚኒትሪ ምክልኻል ጂቡቲ ገሊጹ፣

ሎሚ 12 ሰነ 2008 ድሕሪ ቀትሪ ተሌቭዥን ጂቡቲ ኣብ ዝዘርገሖ ዜና፣ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጂቡቲ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሪፑብሊ ጂቡቲ ካብ ዕለት 10 ሰነ 2008 ሃገራዊ ልዑላውታ ንምኽባር ምስ ኤርትራ ኣብ ኵናት ከም ዘላ ገሊጹ። ከምኡ'ውን ሰራዊት ጂቡቲ፣ ነቲ መሬት ጂቡቲ ጎቢጡ ዝጸነሐ ሰራዊት ኤርትራ ብቑልጡፍ ደፊኡ፣ ነቲ ብኤርትራ ዘተጎብጠ መሬት ጂቡቲ ሙሉእ ብሙሉእ ከም ተቖጻጸሮን ውግእ ደው ከም ዝበለን እቲ መግለጺ ገሊጹ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኣሰይድ/ ድለይታ መሓመድ ድለይታ ቀዳማይ ሚኒስተር ጂቡቲ ናይቶም ኣብ ሃገራዊ ምክልኻል ዝተወግኡ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሂወት ንምድሓን፣ ዜጋታት ጂቡቲ ወፈራ ልግሲ ደም ክገብሩ ጸውዑ።

ብካልእ ዜና ዓረብ ሊግ ሎሚ 12 ሰነ 2008 ኣብ ዝገበሮ ህጹጽ ኣኼባ፣ ኤርትራ ሰራዊታ ካብ መሬት ጂቡቲ ክትስሒብ ጸዊዑ። ከምኡ'ውን ኣሰይድ/ ሙሳ መሓመድ ኣሕመድ ወክል ጂቡቲ ኣብ ዓረብ ሊግ፣ ግጭት ጂቡቲን ኤርትራን ንምእልይ ብሕብረት ኣፍሪቃን ዓረብ ሊግን ዝተወሰዱ ተበጉሶታት ኣብ ድርቅና ኤርትራ ተራጺሙ ከም ተረፈ ገሊጹ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
12 ሰነ 2008